UNHCR
The UN Refugee Agency

ኣገልግሎት ኣብ ሊብያ ንዘለዉ ስደተኛታትን ዑቕባን ሓታቲ

2023

መጀመሪያ

UNHCR እንታይ እዩ?

ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ሓለዋን ሓገዝን ክገብር ዝተዋህቦ ትካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት እዩ። ሪፊዩጂ ዝባሓሉ ስደተኛ ማለት ካብ ዓዱ ክሃድም ዝተገደደን ናይ ጽቡቕ ምኽኒያት ዘለዎ ፍርሒ ዘለዎን ሰብ ማለት እዩ። ሪፊዩጂ ዝተባሓሉ ስደተኛታት ናብ ዓዶም ክምለሱ ኣይክእሉን ወይ ክምለሱ ይፈርሑ ኢዮም። ኣብ UNHCR ዝተመዝገበ ሰብ፡ ጠለቡ ምስ ተገምገመ ብUNHCR ከም ሪፊዩጂ ዝተባሓለ ስደተኛ ኢኻ ተባሒሉ ኣፍልጦ ክሳብ ዝረኽብ ከም ሓታቲ ዑቕባ ይቑጸር።

ኩሉ ናይ ምክልኻልን ናይ ሓገዝን ኣገልግሎታት ብነጻ እዩ።

ንዝኾነ ናይ UNHCR ወይ ናይ ንዝኾነ መሻርኽቲ ኣገልግሎት ዝኾነ ገንዘብ ክትከፍሉ ከምዘይብልኩም፡ ወይ ዝኾነ ሞገስ ወይ ንግዲ፡ ብኣካል ይኹን ብንዋታዊ መንገዲ፡
(ገንዘብ፡ መግቢ፡ ወይ ካልእ ኣቕሓ ወይ ኣገልግሎት ሓዊስካ) ክትቅበሉ ከምዘይብልኩም ኣስተውዕሉ።

እዞም ኣገልግሎታት ብነጻ እዮም። ነዚ ዝኾነ ይኹን ጥሕሰት ናብ UNHCR ካብ ምሕባር ድሕር ኣይትበሉ።

ዕላማ ናይቲ ብሮሹር
እዚ ብሮሹር እዚ ብዛዕባ ንስደተኛታት ዝወሃብ ኣገልግሎት ሓበሬታ ይህብ ከምኡ'ውን ኣብ ሊብያ ዝርከቡ ንሓተትቲ ዑቕባን ንስደተኛታት ይርከብ ኢዩ።

ዝርዝራት መራኸቢ

ንUNHCR ብኸመይ ንረኽቦ?

UNHCR ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ምስ መንግስቲ ሊብያን መሻርኽቱን ብምኹዋን ብሓባር ብምውህሃድ ምዝገባ፣ ሰነዳትን ምግባር ሓገዝትዉን ሓዊሱ ናይ ምክልኻል ኣገልግሎት ይህብ ኢዩ።

ብዛዕባ ኣገልግሎት ምክልኻል ወይ ሓገዝ UNHCR ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ናብ ማእከል ጻውዒት ታዋሱል 1404 ወይ ናብ መስመራት ሓገዝ UNHCR ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ታዋሱል ብነጻ ዝድወል፡ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከብ ቁጽሪ ናይ ሓገዝ መስመር እዩ።

ማእከል ጻውዒት ታዋሱል | ሲኤፍኤም 1404
ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ሰንበት–ሓሙስ ካብ ሰዓት 9 ንግሖ ክሳብ ሰዓት 11 ምሸት

lbytr@unhcr.org
@UNHCRTripoli
@UNHCRLibyaInfo
@UNHCRLibya
https://help.unhcr.org/libya/

መስመራት ሓገዝ UNHCR

ምዝገባ UNHCR ሊብያ
091 163 3466 | 8:30 - 16:30 | ሰንበት-ሓሙስ

ኣገልግሎትምክልኻል ኣብ ትሪፖሊ (ከተማታት)
091 712 7644 | 8:30 - 16:30 | ሰንበት-ሓሙስ

ኣገልግሎት ምክልኻል ኣብ ቤንጋዚ
091 000 7218 | 8:30 - 16:30 | ሰንበት-ሓሙስ

ምዝገባ

ስለምንታይ ኣብ UNHCR ትምዝገቡ?

ንህይወትካ ወይ ንድሕነትካ ስለ እትፈርሕ ናብ ዓድኻ ክትምለስ እንተዘይክኢልካ፡ ከምኡ'ውን ምስ UNHCR ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትደሊ እንተደሊኻ፡ መጀመርታ ክትምዝገብ ኣለካ። ኣብ እዋን ምዝገባ፡ UNHCR ንዓኻን ንስድራቤትካን ዝምልከት ሓበሬታ፡ ከምኡ'ውን ስለምንታይ ካብ ዓድኻ ክትወጽእ ከም ዝነበረካ ይምዝግብ። ኩሎም ዝተመዝገቡ ውልቀሰባት ናይ UNHCR ሓታቲ ዑቕባ ምስክር ወረቐት ይወሃቦም ኢዮም፣ እዚ ድማ UNHCR ኣብ ሊብያ ዘገልግሎ ሰብ ምኺንካ ይሕብር።

ምዝገባ ብኣውቶማቲክ ናብ ምጥያስ ወይ ካብ ሊብያ ምውጻእ ዘስዕብ ኣይኮነን።

ናይ ምዝገባ ቃለ መሕትት እንታይ እዩ?

እቲ ናይ ምዝገባ ቃለ መሕትት UNHCR ብዛዕባኻ ሓበሬታ ዝእክበሉ ቃለ መሕትት ኮይኑ፡ ሽምካ፡ ዕለት ልደትካ፡ መበቆል ቦታኻ፡ ዕድመኻ፡ ናብ መበቆል ሃገርካ ንምምላስ ዘስግኣካ ምኽንያታት፡ ፍሉይ ድሌታትካን ካልእ ሓበሬታን ይእክብ።

ኣብ ኩሉ ቃለ መሕትት ምስ UNHCR፡ ብፍልጠትካ ምሉእን ቅኑዕን ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ሓቀኛ ወይ ምሉእ ሓበሬታ እንተዘይኣካፈልኩም፡ እዚ ኣብ መጻኢ ሓለዋን ሓገዝን ናይ ምሃብ ዓቕሙ UNHCR ክጸልዎ ይኽእል።

ኩሉ ምስ UNHCR ዝካፈል ሓበሬታ ምስጢራዊ ምኺኑ ኣስተውዕሉ። ብዘይ ፍቓድኩም ሼር ኣይከውንን እዩ።

ናይ ምዝገባ ቃለ መሕትት ኣድላዩ እዩ እንተኾይኑ

- ቅድሚ ሕጂ ኣብ UNHCR ኣይተመዝገብኩምን።
- ኣብ ጉዳይካ ኣባል ስድራቤትካ ብምውሳኽ / ብምእላይ ኣቃውማ ስድራቤትካ ክትቅይር ትደሊ።
- ሰነድካ ግዜኡ ሓሊፉ ክሕደስ ኣለዎ።

ምዝገባ

ናይ ምዝገባ ቆጸራ ምሕዛዝ

ናይ ምዝገባ ቆጸራኹም ንምሕዛዝ፡ በጃኹም ምስ ናይ UNHCR ምዝገባ ሓገዝ መስመር ተወከሱ

091 163 3466

ሰራሕተኛታት ምዝገባ ብዛዕባ ኣገባብ ምዝገባ ምኽሪ ክህቡኹም እዮም። ምስ UNHCR ናይ ቆጸራ ዕለት ክወሃበካ እዩ።

ማእከል ምዝገባ UNHCR

ማእከል ምዝገባ UNHCR
መንገዲ ሳሕል ኣል ጀፋራ፡ ናብ ቅርዓት ኤል ማሽታል፡ ከባቢ ሳራጅ፡ ትሪፖሊ

ከሉ ኣገልግሎታት ኣብ ማእከል ምዝገባ UNHCR ብቆጸራ ጥራይ እዩ።

ካብ ግጉይ ሓበሬታ ተጠንቀቑ

ምዝገባ

ንሓድሽ ምዝገባ

ኣብቲ ዝተመደበሉ ናይ ምዝገባ ቆጸራኹም፡ እንተተኻኢሉ ኩሎም ኣባላት ስድራቤትኩምን ኩሎም ዘለዉኩም ኦርጅናል ሰነዳትን፡ ቅዳሓት ሓዊስካ፡ ሒዝኩም ምጹ። እዚኣም ድማ ፓስፖርት፣ ሃገራዊ መንነት ወረቐት፣ ምዝገባ ልደት፣ ናይ ስራሕ ፍቓድ፣ ናይ ሓዳር/ፍትሕ ምስክር ወረቐት፣ ናይ ትምህርቲ መዛግብቲ፣ ናይ UNHCR ወይ ናይ መንግስቲ ስደተኛ ወይ ሓታቲ ዑቕባ ምስክር ወረቐት ካብ ካልእ ቦታታት፣ ወይ ዝኾነ ካልእ ወግዓዊ ሰነዳት ብዛዕባ መንነትካ ከጠቓልል ይኽእል።

ካብቲ ዘለኩም ሰነዳት ሒዝኩም ክትመጹ ንላቦ። ዋላ ሓደ ካብዞም ሰነዳት እንተዘይብልካ ኣብ UNHCR ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ UNHCR ጉዳይካ ኣቃውማ ስድራቤትካ ንምቕያር

ቆጸራ ድሕሪ ምምዳብ፡ ኣደ ወይ ኣቦ ምስቲ ህጻንን ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳትን ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት UNHCR ክመጽእ ኣለዎ፤

1. ብሆስፒታል ማሕተም ዝተገብረሉ መበገሲ ምልክታ ሕርሲ፣ ወይ ካብ ሆስፒታል ናይ ምውጻእ ደብዳቤ።
2. ናይ ሓዳር / ፍትሕ / ናይ ሞት ምስክር ወረቐት።

UNHCR ኩሉ ሰነዳት ብቕጽበት ክመልሰልኩም እዩ።

- ካብ UNHCR ወይ ካልእ ሰብኣዊ ትካል ኢና ዝብሉ ሰባት ንሓገዝ ወይ ኣገልግሎት ንምምላስ መንነት ሰነዳትካ ክትህቦም ካብ ዝሓቱኻ ተጠንቀቕ። ናይ መንነት ሰነዳትካ ናትካ እዩ። ንUNHCR ወይ ንሰብኣዊ ትካላት ከተርእዮም ክትሕተት ትኽእል ኢኻ፡ ንሳቶም ግን ክሕዝዎም ኣይፍቀደሎምን እዩ።
- የመታወቂያ ሰነዶችን ለጠረጠሩት ግለሰብ ወይም ድርጅት ከሰጡ፣ እባክዎን በአስቸኳይ ለ UNHCR ይንገሩ።

ናይ ምክልኻልን ሓገዝን ኣገልግሎት

1. ምክልኻል

cesvi

ርክብ ሓበሬታ
092 276 7166

ጥርዓናት
092 470 1185

CESVI (ቼስቪ) ካብ GBV ንዝደሓኑ ሰባት ምኽሪ ምሃብ፣ ንዘይተሰነዩን ዝተፈለዩን ህጻናት ደገፍ፣ ከምኡ'ውን ንኣዝዮም ተቓላዕቲ ስደተኛታት ናብ ኣገልግሎት ሪፈራል ሓዊሱ ናይ ምክልኻል ኣገልግሎት ይህብ ኢዩ።



ሲዲሲ ዝርከበሉ ቦታ
ጎደና ኣል-ናስር/ስሪም፡ ኣንጻር...
ሃገራዊ መደበር ተለቪዥን፡ ትሪፖሊ

ትምህርቲ

unicef

ርክብ ሓበሬታ
@UNICEF.Libya

UNHCR ምስ ዩኒሴፍ ብቐረባ ብምስራሕ ስደተኛታት ህጻናት ተበጻሕነት ትምህርትን ህጻናትን ምምሕያሽ ይሰርሕ ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዝወሃብ ኣገልግሎት ሓለዋ።.

መሻርኽቲ ዩኒሴፍ ኣብ ሊብያ ህጻናት ብዘይ ስግኣት ኣገልግሎት ምሕደራ ጉዳያት ሓለዋ ህጻናትን ምሕደራ ጉዳያት
ትምህርትን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኮርሳትን ዘይወግዓዊ ደገፍ ትምህርትን ክረኽቡ ዝኽእሉሉ ሓያሎ ማእከላት የካይዱ ኢዮም።

ንጥፈታት ምሕደራ ጉዳያት ብውልቂ ምግምጋም ጉዳያትን ናብ ዝምጥን ኣገልግሎታት ምውካስን የጠቓልል። ነዞም ኣገልግሎታት ንምርካብ፡ በጃኹም ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ መስመራት ሓገዝ UNHCR ወይ CESVI ተወከሱ።

ምክትታል ስድራቤት

ICRC **ዓለም ለኸ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል (ICRC)**

ርክብ ሓበሬታ
Tripoli: 092 231 5986
Benghazi: 091 035 0290
@ICRC

ICRC ምስ ስድራቤቶም ርክብ ንዝሰኣኑ ውልቀሰባት ምክትታል ስድራቤት የካይድ ኢዩ።

ናይ ምክልኻልን ሓገዝን ኣገልግሎት

2. ሓገዝ

CESVI (ቼስቪ) ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዕቕባን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይህብ። ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከም ኣካል ናይቲ ሓፈሻዊ ምላሽ ንውልቃዊ ድሌታት ጉዳይ ይወሃብ። ብቐዕነት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ብፍሉይ ኣሃዱ ዝውሰን ኮይኑ እዚ ድማ ብዙሓት ረቛሒታት (ንተቓላዕነት ሓዊሱ) ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

ብተወሳኺ CESVI ንፍሉይ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ደገፍን ኣገልግሎታትን የስፍሕ፣ እንተላይ ስንኩላን ብምቐራብ ሓገዝቲ መሳርሒታትን/ወይ ድማ ናብ ናይ ደገ ወሃብቲ ኣገልግሎት ሪፈራል፣ ምሃብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍ፣ መሰረታዊ ኣካላዊ ምሕዋይን ናብ ገዛ ምብጻሕን ነቶም ናብ ማእከል መዓልቲ ማሕበረሰብ ንምእታው ድሩትነት ዘጋጥሞም።

ርክብ ሓበሬታ
091 002 7716
092 276 7166

ጥርዓናት
092 470 1185

IRC (ዓለምለኻዊ ኮሚቴ ምድሓን ህይወት) ካብ መግቢ ወጻኢ ዝኾኑ ኣቐሑት (NFIs) ይዕድል። NFIs ናይ ጽሬት ናውቲ፣ ቀንዲ-ረድኤት ኣቐሑትን ኣብ ውሽጢ ክረምቲ ዝድግፉ ዝተፈላለዩ ነገራትን የጠቓልሉ። ንኻልኦት ዓይነታት ሓገዝ NFI ብቐዕነት ድሕሪ ገምጋም ጉዳይ ዝውሰን ኮይኑ ብዙሓት ረቛሒታት (ተቓላዕነት ሓዊሱ) ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

NRC NORWEGIAN REFUGEE COUNCIL

ኤን.ኣር.ሲ (ባይቶ ስደተኛታት ኖርወይ) ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዕቕባን ከም ኣካል ናይ ገንዘብ ሓገዝ፡ ኣብ ኣቐዲሞም ዝተነጸሩ ድኳናት ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ ቫውቸራት ይህብ። ኤን.ኣር.ሲ ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዕቕባን ከም ኣካል ናይ ገንዘብ ሓገዝ፡ ኣብ ኣቐዲሞም ዝተነጸሩ ድኳናት ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ ቫውቸራት ይህብ። ብቐዕነት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ብፍሉይ ኣሃዱ ዝውሰን ኮይኑ እዚ ድማ ብዙሓት ረቛሒታት (ንተቓላዕነት ሓዊሱ) ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

ናይ ምክልኻልን ሓገዝን ኣገልግሎት

3. ኣገልግሎት ጥዕናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍን

ኣገልግሎት ጥዕና

INTERNATIONAL RESCUE COMMITTEE

IRC (ዓለምለኻዊ ሽማግለ ምድሓን ህይወት) ንስደተኛታት፣ ሓተትቲ ዕቕባ፣ ኣብ ማእከል መዓልቲ ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ኣብ ማእከላት ጥዕና መባእታዊ ክንክን ጥዕና ሓዊሱ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ይህብ።

ርክብ ሓበሬታ

ሓፈሻዊ ምምኽኻር፤
091 034 7365

ምኽሪ ጥዕና ተፈጥሮን ቅድመ ሕርሲ ክንክንን፤
091 035 4818

ህጹጽ & ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሓገዝ፤
091 035 4839 24/7

ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍ

cesvi

CESVI (ቼስቪ) ስነ-ኣእምሮኣውን ኣእምሮኣውን ጥዕናዊ ኣገልግሎት ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዕቕባን ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ሓገዝ ዘድልዮም ይህብ።

ርክብ ሓበሬታ

091 002 7716
092 276 7166

INTERNATIONAL RESCUE COMMITTEE

IRC (ዓለምለኻዊ ሽማግለ ምድሓን ህይወት) ናይ ኣእምሮ-ጥዕናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍን ይህብ ናይ ስነ-ኣእምሮ ምኽሪ ሓዊሱ ኣገልግሎታት።

ርክብ ሓበሬታ

ሓፈሻዊ ምምኽኻር፤
091 034 7365

ህጹጽ & ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሓገዝ፤
091 035 4839 24/7

ዳግመ-ምጥያስን ምውጻእን

ዳግመ-ምጥያስ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘድልዮም ሰባት ካብታ ዝተመዝገቡላ ሃገር (ወይ ኣብ UNHCR ወይ ምስ ኣእንገድቲ መንግስታዊ ሰበስልጣን) ናብ ካልእ ከም ስደተኛታት ክትቅበሎም ዝተሰማምዐት ሃገር ብወለንታ፣ ውሑስን ስርዓት ዘለዎን ምስግጋር የጠቓልል።

ኣብ ሊብያ፡ UNHCR ስደተኛታት ብቐዋምነት ዝሰፍሩለን ሳልሳይ ሃገራት ብቐጥታ ዳግመ-ምጥያስ ይገብር፡ ከምኡ'ውን ሰብኣዊ ምውጻእ ናብ ህጹጽ መተሓላለፊ ኣገባባት ይህብ፡ ኣብኡ ድማ ብUNHCR ዝሕለዉ ሰባት ንግዚኡ ይጸንሑ፡ ክሳብ ዝያዳ ነዊሕ ዝጸንሕ ፍታሕ ዝረክብን ካልኦት ሰብኣዊ ካንሸሎታትን። ሃገራት ዳግመ-ምጥያስ ኣብ ዓመት ውሱን ቁጽሪ ዘለዎም ናይ ዳግመ-ምጥያስ ቦታታት ጥራይ እየን ዝህባ፣ ውሑዳት ስደተኛታት ጥራይ እዮም ዝቕመጡ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣስታት ሓደ ሚእታዊት ካብ ስደተኛታት ክምለሱ ይኽእሉ እዮም።

- ዳግመ-ምጥያስን ምውጻእን መሰል ኣይኮነን፡ ንመጠምጠምያን ምውጻእን ዝምልከት መስርሕ መመልከቲ እውን የለን።
- UNHCR ንነባሪ ፍታሕ ኣብ ግምት ንምእታው ስደተኛታት ብቐጻሊ ሓለዋን ምክትታል ተቓላዕነትን የለልዮም። ቦታታት ኣዝዩ ድሩት ስለዝኾነ፡ UNHCR ነቶም ኣዝዮም ህጹጽ ሓለዋ ዘድልዮም ተቓላዕቲ ስደተኛታት ቀዳምነት ይህቦም።
- ተቓላዓይ ምኗን፡ እቲ ስደተኛ ነባሪ ፍታሕ ብቑዕ ምኗኑ ወይ ከም ዘድልዮ ውሕስነት ኣይህብን።
- ሓድነት ስድራቤት ንUNHCR ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ ምስ ኣባላት ስድራቤት ክትራኸቡ ምስ እትደልዩ ድማ
  በጃኹም ናብ መስመራት ቴሌፎን ብምድዋል ንUNHCR ሓብሩ።

ብUNHCR ንቃለ መሕትት እንተተጸዊዕኩም ፡ ብዛዕባ ቆጸራኩም ዝርዝር ሓበሬታ ካፍልጡኩም ስልኪ/ቴሌፎን ክድወለልኩም ኢዩ።

ዳግም-ምስፋር/ዳግመ-ምጥያስን ምውጻእ ብነጻ እዩ

ዝኾነ ሰብ ገንዘብ ዝሓትት ወይ እንተኸፊልካ ኣብ ዳግመ-ምጥያስ ወይ ምውጻእ ክሕግዝ ይኽእል እየ ዝብል ሰብ ምትላል ይፍጽም ኢዩ ዘሎ። እንተኸፊልካ ዳግማይ ክትሰፍር ወይ ክትወጽእ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም ዝብለካ ሰብ ኣይትእመን።

ዳግመ-ምጥያስን ምውጻእን

መሌቲ ቃለ መሕትት፡ ክትጉብሩ ዝግባእ...

- ጉዳይኩም ዝምልከት ዝኾነ ሰነዳትን መርትዖን ሒዝኩም ምጹ።
- ብዛዕባ ምሳኹም ዘለዉ ኣባል ስድራቤትኩም ንUNHCR ኣፍልጥዎም። ዓበይቲ ኣባላት ስድራቤት ብውልቂ ቃለ መሕትት ክግበረሎም እዩ።
- ሓቂ ተዛሪብካ ተሓባባሪ ኩን።

መሳል ኣለካ ናይ

- ብእትረዳድኣሉ ቋንቋ ቃለ መሕትት ምግባር።
- ብመሰረት UNHCR ዝተቐመጠ ኣገባባት ከምኡ ብቐዕ ዝኾነ ጠበቓ ወይ ሕጋዊ ወኪል ክውከል።

ቦጃኹም ከምኡ ውን ንዚ ኣስተውዕሎ

- ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ ዝተፈላለየ ፕሮፋይል፣ ድሕረ ባይታ፣ ካብ ሃገሩ ዝሃደመሉ ምኽንያትን ኣለዎ፤ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ጉዳይ ብመሰረት ሕግታትን ኣገባባትን UNHCR ብውልቂ ክግምገም እዩ።
- ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሓደ ሰብ ስደተኛነት ወይ መፍትሒ ንኽወሃቦ ኣብ ቃለ-መሕትት እንታይ ክብል ከም ዘለዎ ዝገልጽ ወረታት ይዝርጋሕ። እዚ ዕሽሽ ክበሃል ዝግበኦ ናይ ሓሶት ሓበሬታ እዩ።
- ብዛዕባ ሓቅታት ጉዳይካ ወይ መንነትካ ንUNHCR ኮነ ኢልካ ምድንጋር ምትላል እዩ። እዚ ንኣሰራርሓ ጉዳይኩም ብኣሉታ ከም ዝጸልዎን UNHCR ጉዳይኩም ኣብ ግምት ከየእቱ ከም ዝኽእልን ኣስተውዕሉ።
- መግለጺታትካን ሰነዳትካን ምስጢራዊ ክኸውን እዩ፡ ብዘይ ፍቓድካ ድማ ብUNHCR ምስ ካልኦት ሳልሳይ ወገን ኣይክካፈልን እዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት UNHCR ሓበሬታኹም ምስ መንግስቲ መበቆል ሃገርኩም ከምዘየካፍል ኣስተውዕሉ።

ናብ መበቆል ሃገር ምምላስ

- ብዛዕባ ናብ መበቆል ሃገርካ ናይ ምምላስ ተኽእሎ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ UNHCRን/ወይ I OMን ክመኽሩኻ ይኽእሉ።
- UNHCR ምምላስ ኣብ ድሕነትን ክብርን ዘለዎ ኩነታት ንኽፍጸም ቆሪጹ ተላዒሉ ኣሎ። UNHCR ብዛዕባ ኩነታት ሃገርካ ሓበሬታ ክህበካ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ብግቡእ ዝተሰነየ ውሳነ ንኽትወስድ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት UNHCR, IOM ወይ ካልኦት ትካላት ንመገሻኻ ክኸፍሉ ይኽእሉ እዮም፣ ናብ ገዛኻ ምስ በጻሕካ ድማ ገንዘባውን ካልእን ሓገዝ ክህቡኻ ይኽእሉ።
- ብዛዕባ ብሰላም ናብ ዓድኻ ክትምለስ ከም እትኽእል ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ በጃኻ ንUNHCR ርኸብ፡ ብዛዕባ ፍሉይ መበቆል ሃገርካ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ፡ እንተደሊኻ ድማ መስርሕ ምምላስ ኣበግስ።

ጥርዓናት ኣገባብን ጸብጻብ ምትላልን።

UNHCRን ኩሎም መሻርኽትን ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ንኽረኽቡ ውሑስ ሃዋህው ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ስነ-ምግባር ዜሮ ምጽውዋር ፖሊሲ ኣሎ። ግጉይ ተግባር እንተ ኣጋጢሙካ ናይ ጥርዓን መሰል ኣሎካ።

ግጉይ ስነ-ምግባር ኣካይዳ እንታይ እዩ።

ሕቡራት ሃገራት ንዘይግቡእ ስነ-ምግባር "ዝኾነ ኣባል ሰራሕተኛ ብመሰረት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ደንቢ ሰራሕተኛታትን ሕግታት ሰራሕተኛታትን ወይ ካልእ ምምሕዳራዊ ሕታማት ዘለዎ ግዴታታት ዘይምኽባር፡ ወይ
ድማ ካብ ሓደ ኣህጉራዊ ሰብ ትጽቢት ዝግበረሉ ደረጃታት ኣካይዳ ዘይምኽባር" ክብል ይገልጾ ኣገልጋሊ መንግስቲ።"

ክህሉ ዝኽእል ግጉይ ተግባር፤

- ጾታዊ ምዝመዛን ግህሰትን ኣብ ልዕሊ ሰባት UNHCR ዘገልግሎም
- ምጭብርባር
- ብልሽውና
- ስርቅን ምጥፍፋእን
- ስልጣን ብዘይግቡእ ምጥቃም
- ኣብ ልዕሊ ካልኦት መጥቃዕቲ ወይ ምፍርራሕ
- ናይ ከባቢ ሕግታት ዘይምኽባር

ካብ ምትላል ተጠንቀቑ

ኩሉ ኣገልግሎታት UNHCR ብነጻ እዩ። ንኣገልግሎት UNHCR ወይ መሻርኽቱ ክትከፍል ዝሓተካ ሰብ ኣይትእመን። ገንዘብ ወይ ካልእ ዓይነት ሞገስ፡ እንተላይ እቶም ጾታዊ ባህሪ ዘለዎም፡ ካባኻትኩም እንተተሓቲቱ፡
በጃኹም ብቕልጡፍ ናብ UNHCR ጸብጻብ ኣቕርቡ።

ገበነኛታት ምትላል ብኣካል ወይ ብማሕበራዊ መራኽቢታት ሓዊሱ ፌስቡክ፡ ዩቱብ፡ ዋትስኣፕ፡ ቫይበር፡ ቴሌግራምን ካልእ ዝኾነ መድረኻትን ክቕርቡልካ ይኽእሉ። ምስ UNHCR ከም ዝሰርሑ ኣምሲሎም፡ ንገንዘብ ወይ ጾታዊ ሞገስ ንምልዋጥ፡ ዳግመ-ምጥያስ፡ ገንዘባዊ ወይ ካልእ ሓገዝ፡ ወይ ናይ ሓሶት ሰነዳት ክህቡኻ ይኽእሉ ልዮም።

ጥርዓናት ኣገባብን ጸብጻብ ምትላልን።

ከመይ ጌርና ጥርዓን ነቕርብ

ምትላል፡ ብልሽውና፡ ጾታዊ ዓመጽ ወይ ምዝመዛ፡ ወይ ካልእ ብሰራሕተኛታት UNHCR፡ መሻርኽቲ ሰራሕተኛታት፡ ወይ ኮንትራክተራት ዝፍጸም ግጉይ ተግባር ንምሕባር፡ በጃኹም ናብ ክልቲኡ ጸብጻብ ኣቕርቡ፤

ቤት ጽሕፈት IGO (UNHCR HQ)	UNHCR ሊብያ
1. ብቀጥታ ናብ ቤት ጽሕፈት ዋና ተቐጻጻሪ (IGO) ኣብ ዋና ቤት ጽሕፈት UNHCR ኣብ ጀነቫ ስዊዘርላንድ።	2. ኣብ ማእከል ምዝገባ ዝርከቡ ናይ ጥርዓን ሳጹናት ምጥቃም፣ ወይ ብኢመይል ናብ UNHCR ሊብያ።
ዋና ተቐጻጻሪ ቤት ጽሕፈት UNHCR: 94 rue de Montbrillant, CP 2500, 1211 Geneva	*ጥርዓንካ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስታ ኣቐሚጥካ ኣብቲ ሳንዱቕ ኣውድቕ፤*
inspector@unhcr.org (ምስጢራዊ ኢመይል)	ማእከል ምዝገባ፡ መንገዲ ሳሕል ኣል ጀፋራ፡ ናብ ቅርዓት ኤል ማሽታል፡ ትሪፖሊ ቀረባ
+41 22 739 7380 (ምስጢራዊ ፋክስ)	lbytrcompbox@unhcr.org
www.unhcr.org/igo-complaints.html	

ቅድሚ ጥርዓንካ ምልኣኽካ ኣገዳሲ መተሓሳሰቢ፡- ኣገልግሎት መርመራ ናይቲ IGO ምስ ሓለዋ/ሓገዝ ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ናይ ምግጣም ስልጣን የብሉን። እዚ ማለት IGO ንውልቃዊ ሕቶታት ስደተኛታት ክምርምሮ ኣይክእልን፣ ንውልቀሰባት ብዩነት ዉይ ብጥረ ገንዘብ ሓገዝ ክህብ ኣይክእልን፣ ንኣመልከትቲ ድማ ነባሪ ፍታሕ ክህብ ኣይክእልን እዩ።

ነዚ ጉዳያት እዚ ኣብ ሊብያ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት UNHCR ተወከሱ፤

lbytrcompbox@unhcr.org

ጥርዓናት ኣገባብን ጸብጻብ ምትላልን።

ኣብቲ ጥርዓን እንታይ ክካትት ኣለኩም

ብሰራሕተኛታት UNHCR፡ ተርጐምቲ፡ ወይ ሓለውቲ ጸጥታ ግጉይ ተግባር እንተ ኣጋጢሙካ ወይ እንተተዓዚብካ፡ ወይ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ዝተገብረልካ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ፡ ናይ ጥርዓን መሰል ኣሎካ።

- ናይ ጥርዓን ቅጥዕታትን ሳጹናትን ኣብ ኩለን ኣብያተ ጽሕፈት UNHCRን ኣብ ማእከል ምዝገባን ይርከብ።
- እቲ ጥርዓን እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ክሕዝ ኣለዎ፡ ስምን ርክብ ሓበሬታን ናይቲ ጥርዓን ዘቕረበ ሰብ፡ጥርዓን ዝቐረበሉ ዕለትን ሓፈሻዊ ባህሪ ናይቲ ጥርዓንን ክሕዝ ኣለዎ።
- ኣብቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ስምካን ቁጽሪ ተሌፎንካን ወይ ካልእ ዝርዝር ርክብ ጽሓፍ።
- ኣስማትን ርክብ ሓበሬታን ጥርዓን ዘቕረቡን ግዳያት ስነ-ምግባርን ምፍላጥና፡ ክስታት ንምጽራይ ይሕግዘና። ይኹን እምበር ስምካ ከተቕርብ ምቹእ እንተዘይኮይኑ ስመይ ከይተገልጸ ጥርዓን ከተቕርብ እውን ትኽእል ኢኻ።
- ስም፡ ስራሕ ወይ ዝርዝር መግለጺ ናይቲ ጥርዓን እተቕርበሉ ኣባል ሰራሕተኛ፡ ተርጓሚ፡ ሓላዊ ወይ ሰብ፡ከምኡ'ውን እንተተኻኢሉ እቲ ፍጻመ ዘጋጠመሉ መዓልትን ሰዓትን ጽሓፍ።
- ንRSD ወይ ዳግመ-ምጥያስ ዝቕርብ ሕቶታት ወይ ይግባይ ብመስርሕ ጥርዓናት ክእለ ኣይክእልን።
- በጃኹም UNHCR ንጥርዓንኩም ብሙሉእ ምስጢር ከም ዝሕዞን እቲ ጥርዓን ብዕምቆት ከም ዝምርመርን ኣረጋግጹ።

ኩሉ ም ስ IGO ዝግበር ርክብ ምስጢራዊ እዩ ዝሕሎ

ደንቢ ኮቪድ-19

UNHCRን ኣብ ማእከል ምዝገባ ዝርከቡ መሻርኽቶም፡ መንግስቲ ሊብያ ንለበዳ ኮቪድ-19 ንምምላስ ዝወሰዶ ህጹጽ ስጉምትታት ምኽባር ይቕጽሉ ኣለዉ።

ዓበይቲ ምትእኽኻባት ንምንካይን ኣብ መንነ ሰባት እኹል ኣካላዊ ርሕቀት ንምርግጋጽን፡ ኩሉ ዝወሃብ ኣገልግሎት ብቆጻራ ጥራይ እዩ። ኣካላዊ ርሕቐት ንኽኽበር መዓልታዊ ውሱን ቁፅሪ ቆፀራታት ክቐርብ እዩ።

ንስኻ ወይ ኣባል ስድራቤት ምስ ኮቪድ-19 ክተሓሓዝ ዝኽእል ገለ ምልክታት እንተርኢኻ፡
በጃኹም ሃገራዊ ፕሮቶኮልን ርክብን ተኽተሉ።
ሃገራዊ ማእከል ምቁጽጻር ሕማማት (NCDC)፤

1404 / 1415

@NCDC.LY

ዝርዝር ርክብ

UNHCR

UNHCR ሊብያኢድራሻ መንገዲ ሳሕል ኣል ጀፋራ፡ ናብ ኣደባባይ ኤል ማሽታል ቀረባ፡ ከባቢ ሳራጅ፡ ትሪፖሊ፡ ሊብያ

UN HUB፡ ቤ ንጋዚ ሊብያ

@UNHCRTripoli
@UNHCRLibyaInfo
@UNHCRLibya
https://help.unhcr.org/libya/

091 712 7644
መስመር ቴሌፎን ሓለዋ
UNHCR

8:30 - 16:30
ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ

1404
ማእከል ጻውዒት ታዋሱል | ሲኤፍኤም – ነጻ ናይ ሓገዝ መስመር

9:00 - 23:00
ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ

08:30 - 16:30
ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ
ቤት ጽሕፈት
UNHCR